## ደው በለለይ ክብለጸልካ - ጽውጽዋይ

ይብሃል ሓደ እዋን፡ ዝብእን ወኻርያን ወዓግን ሓቢሮም ኺምእርሩ ገስገሱ። ክይድ ውዒሎም ድማ ወርቂ ዚመልአት ዋህዮ ረኸቡ። በዚ ተሓጒሶም፡ “ዝብኢ ንማቐሎ” በለ። ወዓግ ከኣ፡ “ጽቡቕ፡ ግናስ ምእንቲ ክንማቐሎ ዕጫ ከነውድቕ ከሎና ድኣ መንና እዩ ዓይኑ ኺዕመት?” በለ።

ወኻርያ ድማ ብጊድኣ፡ “ዓርከይ ወዓግ ዚብሎ ዘሎ ሓቂ’ዩ። ንስኻትኩም ትብሉዎ ድኣ እንድዒ እምበር፡ ኣነስ እቲ ኻባና ብዕድመ ኣዝዩ ዚዓበየ ኺወስዶ እቲ ዚሓሸ ኰይኑ ይረኣየኒ፤ ከመይሲ፡ ኣብ ሰለስቴና ተመቒሉስ ሓደ ቁምነገር እኳ ኺዓብስ ኣይክእልን እዩ፡ እሞ፡ ነዚ ዚመስል ክቡር ኣቕሓ ኣብ ሓደ ነባሪ ዚኾነ ዓቢ ነገር ምእንቲ ኺውዕልሲ ነቲ ኻባና ዚሸምገለ ተሰማሚዕና እንተ ሃብናዮዶ ኣይምሐሸን?” በለት።

ዝብኢ፡ በታ ህውኽቲ መልሓሱን ቅልጥፍቲ ግብረ- ባህርያቱ፡ “እወ! ብሓቂ ጓል ኣቦይ ድቡስ ራካ፣ ዘይተርፈኪ ስዉር ነገር ኣብ በረኻ፡” በላ። ወዓግ ድማ ነዞም ብጾቱ ቀው ኢሉ ኺጥምቶም፡ ጸጸኒሑ ድማ ርእሱ ኣድኒኑ ናብ ምድሪ እናጠመተ ኺሰምዕ ጸኒሑ ኣስቀጠ።

ንሳቶም ድማ፡ “ኣንታ ’ንታይ ኰንካ ድኣ ዘይተዛረብካ? እዚ ሓሳብናዶ ባህ ኣይበለካን እዩ?” በልዎ። ንሱ ድማ ትቕብል ኣቢሉ፡ ርእሱ እናሓኸኸ፡ “ኣይፋል፡ ኣብ ካልእ ድኣ ኣስጊለ ጸኒሐ’ምበር፡ ንዓቢ ንሃቦ ምባልዶ ይጽላእ ኰይኑ። ሕጂ ኸኣ ደሓን ከምቲ ዝበልኩሞ ይኹን” ኢሉ መለሰሎም።

እምበኣርሲ፡ ኵላትና ካብ ሰመርናዮ፡ ደጊም ክንሰምዕሲ፡ ዐዕድሜና ንንገር ተበሃሃሉ። ዝብኢ ተቐዳዲሙ፡ “ኣነ፡ ዓሚ፡ ዓሚ፡ ዓ.........ሚ፡ ቀደም፡ ቀደም ቀ......... ደም፡ እየ ተወሊደ” በሎም።

ሽዑ ወዓግ ንወኻርያ፡ “በሊ ተር ኢልና ምእንቲ ኽንነግርሲ፡ ተራኺ እዩ፤ ዓመትኪ ንገርና” በላ። ወኻርያ ድማ፡ “ኣይፋል! ዘይተባህለ! ሰብኡት ከሎኹምሲ ኣንስቲ? ኣይመዓርጉን! ኣየጸብቕለይ እኳ! ሕጂ ኸኣ ድሕሪ ኵሉኹም ድኣ’ዛረብ” ኢላ መለሰት።

ህዉኽ ዝብኢ ድማ ትቕብል ኣቢሉ፡ “ሓቃ’ያ፡ ክላ ግዳ ኣይትደንጒየና” በለ። ደሓር ወዓግ፡ “ኣነ እተወለድኩሉ ...” ኢሉ፡ ዝን በለ። ቀጺሉ፡ “ኣነ እተወለድኩሉ እዛ ዓለም እዚኣ ፍጥር ምስ በለት፡ ኣይደንጐኹን ብኣ-ብኣ እየ እተወለድኩ፡” በለ።

ሽዑ፡ ግዲኣ በጺሑ፡ ወኻርያ ድማ ናታ ኽትነግር ብድድ ኢላ፡ “ኣነ እተወለድኩሉ፡ ዘመን ከምዛ ሕጂ ኰይና ትረኣየኒ። ንስኻ ወዓግ ምስ ተወለድካ፡ ሰያብ ቆልዓ ተወሊዱ ኢሎምናስ ግዓት፡ ጥጥቖ ሓራሳት ክንበልዕ ምስ ኣደይ፡ ኣብኡ ኣብ ቤትኩም፡ መጺእና። ሽዑ ኣነ፡ እንተ ወሓደ፡ ሓሙሽተ ዓመት ገይረ ነይረ” በለቶም።

እቲ ዝብኢ፡ እታ ወኻርያ፡ እቲ ወዓግ፡ ነፍሲ ወከፎም፡ ጎሪሕና ኢሎም እዮም ዐዕድሚኦም ነጊሮም። ወኻርያ ግና፡ እንተ ብብልሓ እንተ ብጒርሓ ንኽሊቲኦም ኣወጻጺኣቶም ይብሃል። ተበላጻይ ምኽን ጽቡቕ ኣይኰነን፡ ንምንታይሲ በለጽ ኣንጻር ባህርያት ፍቕሪ እዩ። ፍቕርስ ናታ እኳ ኣይትደልን ይብል እቲ ተራታይ።

ከምዚ ናይ ሕጂ ቆልዑ ቅድሚ ምድቃሶም ዜንብብሎም መጻሕፍቲ ኣይነበረሮምን እሞ፡ ኣቦታትና ከምዚ ዓይነት ጽውጽዋያት ገይሮም ንደቆም ይምህርዎም ነይሮም። ካብዛ ጽውጽዋይ እዚኣ እንዕዘቦ ገለ እንተ ደኣ ሃልዩ ከምቲ እቲ ተራታይ ኢሉዎ ዘሎ፡ ብዛዕባ በለጽ እዩ። ወኻርያ ናይ ተንኰልን፡ ናይ ምብላጽ ግብርን ኣብነት ኰይና እሞ፡ እቲ ነጥቢ ምስኣ መማዝንቲ ኣይትኹኑ እዩ። ተበላጻይ ሕልና የብሉን። ንኻልእ ኺሓሊ ኣይክእልን፣ ንምንታይሲ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ኺሓስብ ንኻልኦት ኣብ ግምት ኬእቱ ጊዜ’ውን የብሉን።

በለጽ ሕልፊ ብጾትካ ምድላይ የመልክት። እዚ ኸኣ ስስዐ እዩ። ስስዐ ኸኣ ኣንጻር ዕጋበትን ምስጋናን ስለ ዝኾነ እግዚአብሄር እውን ዘይፈትዎ ግናይ ባህሪ እዩ። ኣብ መወዳታ፡ ‘ምስ ህዝብኻ መዓትሲ ዳርጋ ግዓት’ እዩ እሞ፡ ስለ ኣሕዋትካ ሕሰብ። ይብል እቲ ጸዋያይ።

ተበላጺ እናተበለጸ ኺነብር ኣይክእልን እዩ። ወያ ወኻርያ ንጊዚኡ ተበሊጻትሎም ብውሽጣ እውን ‘ኣየ ዓያሱ!’ ኢላቶም ትኸውን። ደሓር ግና፡ ተዓዚቦማን መዚኖማን እዮም እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ኣይኪኣምንዋን እዮም። ብሓቂ ዓቢ ትምህርቲ።